# ካብ ማህደር ታሪኽ ህዝባዊ ግንባር 2ይ ክፋል።




ደርግ ንሰውራ ኤርትራ ንፍጥፋእ ኣእላፍ ሰራዊት ኣኽቲቱ፡ እዚ ዘይበሃል ኣጽዋር ኣዕጢቑ ከይኣኸሎ፡ ኪኢላታት ኣማኸርቲ ካብ ሶቭየት ሕብረት (mercenaries ) ኣምጺኡ። ካብተን ኣብቲ እዋንቲ ዴሳውያን ዝበሃላ ሃገራትን ማሕበራት ዝረኸቦ ሓገዛት ማእለያ ኣይነበሮን። ብብዝሒ ሰራዊትን፡ ዕጥቅን፡ ሓገዛትን ክሳብ ዓንቀሩ መሉኡ ነይሩ። ነዚ ትሕዝቶ'ዚ ሒዙ ንሰውራ ኤርትራ ኣብ ማዓልታት፡ እንተነውሔ ኣብ ሰሙናት ከንበርክኽ ትሑዝ ገበሮ።

ደርጊ ዝዘንግዖ ወይ ዘይፈልጦ ነገር ነይሩዎ'ዩ። ቀዳማይ ዝምድና ህዝቢ ኤርትራን ሰውርኡን። ካልኣይ ሰራዊቱ ድልውነቱ ንኲናት ዘምፍላጥ። ኣብዘን ክልተ ኣገደስቲ ነጥብታት ጌጋ ሚዛን ስለ ዝነበሮ ኣብ ጌጋ (ስዕረት) መደምደምታ በጺሑ። ኣጽዋር ዝዋጋእ ሰብ እንተዘይረኺቡ ዋጋ የብሉን። ሰራዊት ንጹር መትከልን ዓላማን ሓሞትን እንተዘይብሉ ዝዓጠቐ ይዕጠቕ ፍረ የብሉን። ኣብዚ እንታይ ንዕዘብ ብዝሒ ብዘይ ንጹር መትከል ፈሻሊ ምኳኑ።

ህዝባዊ ግንባር ብዋሕዱን ዋሕዲ ህዝቡን ዕጥቁን ከይተሰከፈ፡ ኣብ ጽፉፍ ውዳበን በሊሕ እስትራተጅን ኣተኮረ። ናይ ግዜ ሕቶ እንተዘይኮይኑ ጸላእቱ ከም ዝስዕር ሚእቲ ብሚእቲ ተኣማመነ። ምናልባት ንጉዕዞ ህ.ግ. ብጉቡእ ዘይተኸታተለ ንሰራዊት ደርጊ ሲዒሩ ሃገር ነጻ ዘውጽኤ ይመስሎ ይኸውን። ህ.ግ ጸረ ሃጸይነት (ብኣሜርካ) ዝምራሕ፡ ጸረ ሶቭየት ሕብረትን ተኸተልታን፡ ጸረ ደርግን"ዩ ተቓሊሱ ኣላሽ ኣቢሉ ዓወት ዘበሰረ። ሕጂውን ብናይ ሽው ስእልታት ዝተሰነ ታሪኽ ንርኤ።





ጽንዓት ኣደታት ድልዋት ንመኸተ፡ ሕጂውን " <u>ዘይቁዱስ ኪዳን ኢትዮጵያ ሶቭየት ብቕልጽም ሓፋሽ ኤርትራ ክብጠስ ኢዩ</u> " " <u>ዕድመ ን8 መጋቢት በዓል ደንስትዮ</u> " ዝብል ጭርሖታት ኣሰንየን ንመኸተ ድሉውነተን እናርኣያ ከለዋ። ንኒሕን ሓቦን ህዝቢ ኤርትራ ደርግን መወልቱን ብንዕቀት'ዮም ዝጥምትዎ ነሮም። ህዝቢ ኤርትራ ግን ንመሰሉ ከምዘይድሃልን ከምዘይ ጎናባሕን ብተግባር ኣርእዩዎም። ሶቭየታውያን ኣማኸርቲ ኣብ ኢዱ ኣእትዩዎም። ኣሜርካን ሰዓብታን ማይ ዓሙኸን።

***ኣንታ መንእሰይ ዎሎዶ ታሪኽካ ብጉቡእ ፍለጦ። ብስሚዒት ኣይትጎዓዝ። በታለልቲ ኣይትገራህ።***

ብድሕሪዚ ህ.ግ. እንታዩ መሪጹ። ተገቲርካ ንሓርሞሾሽ ሰራዊት ደርግን ዕጥቆምን ዱዩ ክጽበ፡ ወይስ ኣዝሊቁ ዓቕሙ ኣወሃሂዱ፡ ደጀኑ ወጋጊኑ፡ ዝደልዮ ቦታን ግዜን መሪጹ ምግጣም? ንህዝባዊ ግንባር ምዝላቕ ስልቲ ድኣንበር ፍርሒ ኮይኑ ኣይፈልጥን። ምዝላቕ ቅድሚ ኣብ ኲናት ምእታውካ ክእለዩ ዘለዎም ነገራት ምእላይ። ሓይልኻ ምምዛን፡ በየንን መዓስን ኣበይን ትገጥም ትዳለወሉ ብልሓት'ዩ። ህ.ግ ልክዕ ንሱ እዩ ገሩ። ደርጊ ከረን እናተጸበየ ከሎ፡ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ባጽዕ'ዩ ንጸላኢ ኣጥቂዑ። እዚ ዘሐብን ታሪኽ ንዓለም ክልተ ግዜ ዘዛረበ እዩ ነሩ። <u>ካብ ኣሮማይ</u> ፡ናብ ታዓረቑ ምባል እዩ ንሓያላን መንግስታትን ጸላእቱን ኣእትዩዎም። ኣብነት ኣኸባ ኣትላንታ ( USA );

## *ህ.ግ. ገድልን መንግስትን እዩ ነሩ።*


መንግስታዊ ቅርጺ ዝሓዙ ምምሕዳራት ኣዋዲዱ ነቶም ካብ ዓዶም ተማዛቢሎም ኣብ ትሕቲኡ ዝተዕቖቡ ዝነበሩ ገባራት ብጉቡእ ናይ ምእላዮም መደባት ኣዳልዩ ኣብ ደጀን ኣስፊሩ ናብርኦም ከም ዘካይዱ ገሩ እዩ። ትምህርቲ፡ ሕክምና፡ ማሕበራዊ ናብራ፡ ወዘተ። ነቶም መርከ ታሪኽ ዝገደፈትኩም፡ ተመሊስኩም ታሪኽ ፈቱሹ። ኣብ ኤርትራ ደሞክራሲያዊ ምሕደራ ኣብ ግዜ ሰውራ'ዩ ተጀሚሩ። እዚ ሎሚ ኣብ ኤርትራ ድሕሪ ነጻነት ተበጺሑ ዘሎ ምሕደራ፡ መደብ ልምዓት፡ ብዕብየቱ ድኣ ይፈላለ እምበር መሰረቱ ካብ ሜዳ'ዩ። ናትካ ቅኑዕ ዲሞክራሲ ኪሒድካ፡ ምዕራባዊ ዲሞክራሲ ክትልቃሕ ምፍታን ዑሱብነት ጥራሕ'ዩ። ኣብ ኤርትራ ዲሞክራሲ የለን ዝብል ትርጉም ዲሞክራሲ ዘይፈልጥ ወይ እናፈለጠ ዘበላሹ እዩ። ክምዕብል ኣለዎዶ? እወ ዲሞክራሲ ደረቕ ከም እምኒ ኣይኮነን። ኣብ ጉዕዞ እና ተመሓየሸ ዝኸይድ መስርሕ እዩ። ምስ ዕብየት ንቕሓት ሕብረተ ሰብኣዊ ዝጎዓዝ። ህ.ግ. ዋላውን ኣብቲ ጽንኩር ግዜ ምዝላቕ ድሕነት ሓፋሽ ቀዳምነት ሂቡ ሰሪሑሉ እዩ። ኣብዚ ዝስዕብ ስእሊ ንመልከት።




እዛ የማነይቲ ስእሊ ምስ ንዕዘብ፡ " ንህዝቢ ኣብ ኣማን ቦታ ከየግዓዝናን ንጸላኢ ከቢድ ዋጋ ከየኽፈልናን ዝገደፍናዮ ቦታ የለን" ትብል። " እቲ ጭርሖ ዓወት ንሓፋሽ እንድዩ" ። ኣብቲ ጽንኩር መድረኽ ምዝላቕ፡ ንጸላኢ እናደርዓመ፣ ሓፋሽ ኣብ ስቱር ቦታ ዘጓዕዝ ዝነበረ። ስለዚ ከኣዩ ገድላውን መንግስታውን ዕማማት የማልእ ነሩ ዘበለኒ።

ኣብ ህ.ግ. ንሕጂ ጥራሕ ዝበሃል ነገር የለን። ኣብ ሞንጎ ምዝላቕን ምጥቃዕን ዝነበረ ነዊሕ ግዜ፡ ህዝባዊ ግንባር እንታይ ይገብር ነሩ? ከምቲ ልሙድ ኣብቲ ተዛማዲ ዕረፍቲ ዝረኸበሉ፡ ተጋደልቲ ኣብ ማእቶት፡ ትምህርቲ፡ ስፖርት ወዘተ... ሱሩዕ መደብ የካይዱ። እቲ ዝዓበ ዕማም ግን ዕርድታት(ድፋዓት) ክሰርሑ የሕልፉዎ። ነቲ ዝመጽእ ውግእ ብድሎ ክገጥሙዎ ንመዋእል ከከላኸል ዝኽእል ጽኑዕ ዕርድታት ይሃንጹ። ኣብ ገሊኡ ካናለታት፡ ኣብ ገሊኡ ገለርያታት። ኣብ ገለ ከኣ ንሕክምናን ቤት ትምህርቲ ህጻናትን ዝኸውን ትሕቲ መሬት ገዘውቲ ይሃንጹ። ጽርግያታት ከይረሳዕካ።


ሕጂውን ብስእሊ ገለ ካብቶም ዝስርሑ ዝነበሩ ዕርድታት (ድፋዓት) ንርኤ።




<u>ዝመናዊ መሳርሒ ኣይነበረን፡ መሃዝነት እዩ ነሩ።</u> በፍራዛ፡ ባደላ፡ መለኺኖ ሞደሻ፡ ማዕረ ካንዲ ቁመት ወዲሰብ ዝተዀዕቱ ዕርድታት ሳሕልን ካልኦትን። ምዮ ድኣ ጽቡቕና ዘይምነዩ ሃልዮም እምበር እዚ ስርሒትዚ ኣብ ናይ ዓለም መዝገብ ክብሪ ካብ ዘደንቑ ነገራት ተባሂሉ ክሰፍር ዝግብኦ እዩ። መሬት ምስ ተረጋግኤ ከም ዝሰፍር ኣየጠራጥርን። ብጽቡቕ ምሓዙ መንግስቲ'ኺ ዝዓበ ሃላፍነት እንተለዎ፣ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ንዝኽርን ክብርን ሰማእታትናን ዘለዉ ሓርበኛታትን ኣብ ናይ ምዕቃቡ ተራና ክንጻወት ኣሎና። በቲ ካላሽን በቲ ኣፍራዛ፡




***<u>ጽርግያ ብድሆ፡</u>***




ይካኣሎ ነዘይክኣል ዝከኣለ፡ ንራህዋ ሓፋሽ ክብል ነብሱ ዘሕሰረ፡ ከመይ ገሩ ክሰዓር። ጽርግያ ብድሆ ኣብ ግዜ ወራራት ዝተሰርሐ። ጥውጥዋይ ዝመልአ ኣኽራናት ሳሕል ዝሰንጥቕ ክትርእዮ ዘሰደምም።

እቲ ዝዋጋእ ዓላማ፡ እምነት፡ ትብዓት፡ መዓንጣ፡ ጽንዓት'ዩ።




ብረት ዋላኳ ኣብ ኲናት ወሳኒ ግደ እሃልዎ እምበር እቲ ቀንዲ ዓላማ እዩ ወሳኒ። ህዝባዊ ግንባር ንሰራዊቱ እዚ እምነት ክውንኑ ስለ ዝገበረ፡ ተጋዳልይ/ሊት ብቦምባ ኢድ ታንክ ይማርኽ። ብካላሽን ኣሸሓት የምበርክኽ። ዓወት ኣፍዓበት ነዚ ሓቂ እዚ'ዩ መስኪሩ። <u>ዓዲ ሹሩም ውጺኢት ናይዚ ዝተጠቕሰ ሓቂ'ያ።</u> ተጋዳላይ ዝነበሮ ከቢድ ዕጥቂ ጽንዓት፡ እዩ። ሳላ ጽንዓቱ ኣሽሓት መኪቱ፡ ተዓዊቱ። ታሪኽ ብጉቡእ ተፈሊጡ ናብ ዝመጽእ ዎሎዶ መታን ክተሓላለፍ፡ እዚ ዘሎ ዎሎዶ ክነገር ኣለዎ። ኤርትራውያን ታሪኽ ኵርዓት፡ ታሪኽ ሓበን፡ ታሪኽ ጅግንነት ዘሎና። ኣልመጽቲ ጻሕሊ ወያነ ነሓቀኛ ታሪክ ክብልሉዎ ኣይክእሉን እዮም። እዞም ሹዑ ዝተሰነዱ ስእልታት ህያው ምስክር ኣለዉና።



ተጋዳላይ ኣብ ውግእ ክኣቱ ከሎ፡ መውጋእትን መስዋእትን ከምዘሎ እናፈለጠ እዩ ዝኣቱ። ስዉእ ኣብ ዝተሰውኣሉ ቦታ ሓመድ ኣዳም ይለብስ። ውጉእከ እንታይ ትገብሮ? ዝብል ሕቶ ክሕተት ጉቡእ'ዩ። ህዝባዊ ግንባር ካብ እግረኛ ሓኪም ክሳብ ማእከላይ ሆስፒታል ዓቕሚ ብቑዓት ሓካይም ዘማልኤ ውድብ እዩ ነይሩ። እዚ እቲ ንዓለም ኣዝዩ ዘደንጸወ ነገር እዩ። እዛ እንርእያ ዘሎና ስእሊ፡ ዝተወግኤት/ኤ ብጸይ/ቲ ተሰኪሞም ተርእየና። እግረኛ ሓኪም ሂወት ንምድሓን ዘበርኽትዎ ዝነበሩ/ራ ብቓላት ምግላጹ ኣዝዩ ኣሸጋሪ እዩ። ውጉእ ካብታ ዝተወግኣላ ቦታ ክሳብ ማእከላይ ሕክምና ዝበጽሕ ብኣጋር ሃኪም ተሰንዩ ክንክን ይግበረሉ። ኣብ ማእከላይ ሆስፒታል ምስ በጽሔ ሙሉ ጽገና ተገርሉ፡ እንደገና ንምግዳል ብቑዕ ኮይኑ ናብ ኣሃዱኡ ይምለስ። ከፍሊ ሕክምና ህ.ግ. ንረሳ ትንፋስ ሶዅዑ ሂወት ዝትክእ ትካል እዩ ኢለ ክሓልፎ። ኮምኡ ስለ ዝነበረ ከኣዩ ተጋደልቲ፡ ተደጋጋሚ መውጋእቲ ኣጋጢሙዎም ክም መኪና ተጸጊኖም ናብ ኣሃዱኦም ተመሊሶም

ንዳግመ መውጋእትን መስዋእትን ድሉዋት ዝኾኑ ዝነበሩ።

**(መተሓሳሰቢ፡ ንኹሉ ኤርትራዊ ብኣካል ንታሪኻዊ ሆስፒታል ገድሊ ሳሕል ከይዱ/ዳ ብኣካል ክበጽሕ እላቦ)።**





ኣብዛ ስእሊ :-----------------ሽግራትካ ብማሃዝነት--------------- **ምፍታሕ ትብል ጽሕፍቲ ተርኢ** ------------- ትብል ጽሕፍቲ ኣላ። ኣብዚ ክልተ ነገራት ክንርዳኣ ንኽእል።

1) ህዝቢ ኤርትራ ነብሱ ክኢሉ ንክነብር እቲ መሰርሕ ኣብቲ ብረታዊ ቃልሲ ዝካየደሉ ዝነበረ ግዜ ከም ተጀመረ። ነብስኻ ምኽኣል ሓደ ካብቶም ደሞክራሲ ዝሓቶም ሕግታት ምኻኑ ምርዳእ። ህ.ግ. መጻኢት ኤርትራ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ዘለዋ ፡ ህዝባ ጸጋታቱ ብማዕረ ዝካፈለሉ ንምትካል ሰሪሑ፡ ይሰርሕ ኣሎ፡ ክሰርሕ ከኣ እዩ። 2)

ህዝባዊ ግንባር ኣብ ተበላሕነትን ሽርክነታዊ ጥቕምን ዝኣምን፣ ንቱኺቦን ተጻባይነትን ዝኹንን ግንባር ከም ዝነበረን ብኡ ከም ተዓወተን ይዕወት ከምዘሎን ክዕወት ከምዝኾነን የረጋግጽ። እቶም ኣብ ኤርትራ ዲሞክራሲ የሎን ዝብሉ ኮብለልቲ፡ ኣብ ክንዲ ምስ ቀናእ ጭፍራ ወያነ ኮንካ ዳንከራ ጥፍኣት ምውቃዕ፡ ብታሪኽካ ምኽራዕ፡ ንዝጎደለ ምምላእ መመልከዓልኩም ዝብል መልእኽቲ ምተገበኦም። እንተኾነ **"ፈሊጡ ዘስቀጠ ዝሰምዕ እዝኒ የብሉን ከም ዝበሃል"** ጠፊኡዎም ኣይኮነን። ክሰምዑ ስለ ዘደልዩ ጥራሕ እዮም። መንግስቲ ኤርትራ ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ብሕጊ ኣብ መገባኣያ ሕቡራት መንግስታት ዘኽስስ ነገር የብሉን። ነብሰይ ባዕለይ ክኽእል እየ ስለ ዝበለ ጥራሕ እዩ። ኣብ ኤርትራ ጸገማት የለን ኣይኮነን። ንሽግር ዘምጹኡ ዘለዉ ዑሱባት እዮም። ሽግር ከበዝሕ እሞ ህዝቢ ጸረ መንግስቲ ክለዓል ዝብል ሓሳብ ኣብ ኤርትራ ኣይሰርሕን እዩ።

**ተጋደልቲ ኣብ ግዜ ማእቶት፡ ነብስኻ ምኻል ኣብ ኩሉ መዳያት።**





==ኣብ ማኣዲ ትምህርቲ ( ኣብ ህ.ግ. ዋላውን ሓንቲ ደቒቕ ብኾንቶ ትሓልፍ የላን)።==




ዝተማህረ ንዘይተማህረ ይምሃር። ንመምሃሪ ዝኸውን ትሕዝቶ የለን ምባል ኣብ ህ.ግ. ነውሪ እዩ። ዝሓስቦውን የለን። ብዘለካ ስራሕ እዩ። <u>ማሃዝነት፡</u> ኣብ ከባቢኻ ብእትርእዮምን እትረኽቦን ነገራት ተጠቐም። ኩርሽ ካብ ኣእማን ሓንጺጽካ ሕብሪ ከገድፉ ዝኽእሉ። ወረቐት ካብ ፊኖ ዝመጾም ተረንሸዋ (ከረጺት)። ቀለም ካብ ዝሞተ ባተርያ ወይ ካብ ጾሎሎ፡ ሰሌዳ ጸፊሕ እምኒ። ጽባሕ እንታይ ሒዛ ከምትመጽእ ዝፈልጣ የለን። ተጋዳላይ ግን ንጽባሕ ብኹሉ ሸነኹ ተዳልዩላ ይጸንሕ።ይህ

==ካብ ትምህርቲ ተዳሎ ንመጥቓቲ። ( ናብራ ተጋዳላይ)።==





እቲ ድሕሪ ጸረ-መጥቃዕቲ ህ.ሰ. ዝስዓበ መድረኽ ንኽልቲኦም ወገናት ናይ ምርብራብን ምድልዳልን እዩ ነይሩ። ህ.ግ. ኣብ ፖለቲካዊ ድልዳለ ፡ ኣብ ምህናጽ ደጀን ኣቕሊቡ። ኣብ ውሽጢ ህዝባዊ ሰራዊት ፡ ፖለቲካዊ ፡ ኣካደምያውን ባህላውን ንጥፈታት ቀዳምነት ተዋሂብዎ ፡ ኣካላት ደጀን ድማ ተጠናኺሮም።

المرحلة التي اعقبت الهجوم المضاد الذى قام به الجيش الشعبي كانت مرحلة استنزاف واعادة تنظيم وبناء لكلا الجانبين . الجبهة الشعبية من جانبها اهتمت بتعزيز البنية السياسية وتوطيد دعائم القاعدة الخلفية . واعطيت الاولوية للنشاطات السياسية والثقافية والدراسة الاكاديمية في اوساط مقاتلي الجيش الشعبي .

The period after the EPLF counter-offensive marked the beginning of a long stale-mate. For both sides, it was time to reorganize and consolidate their positions.In the EPLF base area, political, educational and cultural activities flourished.

ጽባሕ ነብሳ ዝኸኣለት ናይ ገዛ ነብሳ መደም ዘለዋ ማኦኣልቲ እያ። እቲ ኣብ ዝተፈላለየ ማኣቶታ ተዋፊሩ ዝጸንሔ/ት ተጋዳላይ/ት ቀዳምይ ተልእኮ ንምፍጻም ኣብ ዲቕ ዝበለ ኩናት ይጽመዱ። እቲ ኩነት ክም ቀደሙ ብዓወት ተጋዳልቲ ይዛዘም።

## ሳልሳይ ክፋል ካብ ማህደር ታሪኽ ህዝባዊ ግንባ ኣብ ዝመጽእ ይቕጽል።

### ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።

**ዓውት ንሓፋሽ።**

**ገብረንጉስ መስመር።**